# ሥነ-ጥበብ ኤርትራውያን ከይዝምበዕ፡ `ይኣክል!` ምብላል ባህሊ

ኣብ ደርፍታት ትግርኛ ሓድሽ ተርእዮ ተኸሲቱ ኣሎ። ናይ ሓዘን ግጥምታት፡ ብናይ ታሕጓስ ዜማ ኪድረፍ ንዕዘብ ኣለና። እዚ ግን ባኅርያዊ መግለጺ ስምዒትናን ጦብላሕታናን ኣይኮነን። ግጥምን ዜማን እንተ ዘይተሰማምዑ፡ ነቲ ክመሓላለፍ ዝድለ መልእኽቲ ከምግቡእ ኣየመሓላልፎን ኢዩ። ዜሕዝን ቃላት እናደረፍካ ክትስዕስዕ፡ ጌጋ ኢዩ። ቃንዛን ናፍቖትን ዝገልጽ ግጥሚ ንሳዕሳዒት ኣይከውንን ኢዩ። ዕላማ ዛጽሕፍቲ እዚኣ እምባኣር፥ ንደረስቲ፡ ንገጠምቲ፡ ከምኡውን ንደረፍቲ "ኣስተውዕሉ!" ዝብል ምሕጽንታ፡ ብትሕትና ንምቕራብ ኢዩ።

[`ሥነ-ጥበብ` ዶ `ኪነ-ጥበብ? ምኽንያት `ኪነ-ጥበብ` ዚብል ቃል ምጥቃም ዚሕሸሉ እኳ እንተሎ፡ ኣብ`ዚ ጽሑፍ`ዚ `ሥነ-ጥበብ` ዚብል ቃል ተቐሚኣለኹ። ]

"ሥነ-ጥበብ" ዝብል ቃል (ብቋንቋ ኤውሮጳውያን 'Artem, Arte, Art…) ዝተፈላለየ ናይ ደቂ-ሰብ መሣዝነት ዘጠቓልል ኢዩ። ንኣብነት፡ ሥእሊ፣ ቅርጺ፣ ጽርበት፣ መንደቕ፣ ጽሕፈት፣ ድርሰት፣ ግጥሚ፣ ዜማ፣ ደርፊ፣ ተዋስኦ፣ ወዘተ. የጠቓልል ብዓይነ-ሕሊናኻ ዝሓሰብካዮ፡ ንሕዝቢ ብዝርድኦ ኣገባብ ምቕራብ፣ ወይ`ውን ነቲ ናይ ሕዝቢ ኣተሓሳስባን ስምዒታትን፡ ብግዙፍ ይኹን ብረቂቕ ኣንጸባሪቕካ፥ ንደቂ-ሰብ ምምሳጥ፣ ስምዒታት ደቂ-ሰብ ምልዕዓል፣ ኣተሓሳስባ ደቂ-ሰብ ምህናጽ ኪኸውን ይኽእል። ሓይሊ ሥነ-ጥበብ እምባኣር ንሓደ ሕብረተሰብ ኣተሓሳስባኡ ይቕልሶ፡ ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ሓባራዊ ባህግን፡ ብርቱዕ ስምዒትን ይፈጥር። ብሓጺሩ፡ ሥነ-ጥበብ፥ ሓደ መሣዛይ ብዘለዎ ናይ ምሕሳብን ናይ ምቕራጽን ናይ ምድራስን ክእለት ተጠቒሙ ዜቕርቦ ንሕብረተሰብ ዜዘናግዕ፡ ዝምህር፡ ፊናን ዝህብ፡ ዜለዓዕል፡ ዜስቆርቁር ኮይኑ፡ ናይቲ ሕብረተሰብ ስምዒትን ሥነ-ልቦናን ኣብ ምህናጽ ዝለዓለ እጃም የበርክት። ንኣብነት ኣብ ኤውሮጳ፥ ፍላስፋታት ግሪኽ፡ ከም ብዓል ሶቅራጥስ፣ ፕሌቶ፣ ኣሪስቶትል (ብድሕሪኦም ከኣ ብዓል ቅ. ቶማስ ኣኲኖ/ኣኳይናስ ቀጺሎም፡) ቀረጽትን ሰኣልትን (ንኣብነት፡ ሚኬል ኣንጀሎ)፡ ደረስቲ ከም ብዓል ሼክስፒርን (እንሊግዛዊ)፡ ዳንተ (ኢጣልያዊ) ቁሩባት ካብቶም ብዙሓት፡ ኣብ ሕንጸት ኣተሓሳስባ ምዕራባውያን ዓብዪ እጃም ዜበርከቱዎ ኢዮም።

ኣብ ሃገርና ከኣ፥ እቲ ጥንታዊ ዜማታትን፡ ብጥበብ ዝተቐርጸ ምህዞታትን፡ ኣብ ብራናታት ዝተወቀጡ ጽሑፋትን፡ ግጥምን ደርፍታትን ማስን ምስላታትን ዘኣማስሉ ምህዞታት ከምዝለዉና ንምፍላጥ ብዙሕ ምምርማር ዘድልዮ ኣይኮነን። ፈደላት ግእዝ ንባዕሉ ሓደ ዓብዪ ምህዞ ኢዩ። ገሊኡ እቲ ሥነ-ጥበባዊ ምህዞታትን ዕምቆት ዘለዎ ፍልጠትን ጌና ካብ ቋንቋ ግዕዝ ስለ ዘይተተርጎመ ቁሩብ ምርምር ዜድልዮ እኳ እንተኾነ፡ መብዛሕትኡ እቲ ንሕዝብና ዕግበት ዝህቦን ዝጠምሮን ሥነ-ልቦና ኪፈልጥ ንዝደሊ ሰብ ግን ዝኣክል ስለ ዘለና፡ ምርዳኡ ቀሊል ኢዩ እመስለኒ።

ሥነ-ጥበባውያን፡ ንሓደ ሕብረተሰብ ካብ ሓደ ደረጃ ፍልጠትን ኣተሓሳስባን ናብ ዝለዓል ኬደፍኡዎ፣ ሓባራዊ ጦብላሕታን ሥነ-ልቦናን ሓባራዊ ዕግበትን ክፈጥሩሉ ዜብቅዖ ምእንታይ ኢዩ ኢልና እንተ ሓተትና፥ ንዓይ ከምዝመስለኒ፡ እቲ ምህዞታቶም ምስ ባህርያዊ ኣካዪዳ ደቂ-ሰብ ዝሰማማዕ፡ ልኡምስለዝኾነ ኢዩ። ዜሐጉስ እንተ ምሂዞምከምእትሕጎስ፡ ዜጉሂ እንተ ምሂዞም ድማከምእተስቆርቁር ይገብሩኻ። ከምኡ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ፥ ትሕዝቶ ጥበቦም ብምሉኡ ሥነ-ሞነታዊ ሕጊ ስለዝኽተል ኢዩ። እቲ ምህዞ፡ ተጋራጫዊ መልእኽቲ ዜመሓላልፍ እንተኾይኑ ግና፡ ሾቶኡ ብዝግባእ ክወቅዕ ኣይክእልን ኢዩ። ንኣብነት፥ ሓደ ምህዞ፡ ናይ ሓጎስን ናይ ሓዘንን መልእኽቲ ብሓንሳብ ኬመሓላልፍ ኣይክእልን ኢዩ። ከመይ እንተተባህለ ከኣ፡ እቲ ዘለዓዕለልካ ስምዒት፡ ነንሓድሕዱ ስለ ዝጋራጫኢዩ።

ናይ ታሕጓስ ግጥምን ዜማን፡ ካብቲ ኣብ ግዜ ሓዘን ዝቐርብ ግጥሚን ዜማን ዝተፈልየ ኢዩ። ኣብ ግዜ ሞርዓ ንስዕስዕን ንጭፍርን፣ ኣብ ግዜ ዓወት ንፍክር፣ ኣብ ግዜ ጓሂ ነስቆርቁር፣ ኣብ ግዜ ሞት ከኣ ነእዊ፡ ነልቅስ፡ ንቑዝም። ኣብ ግዜ ዓወትን ኣብ ግዜ ሰላምን

እንጥቀማሎም ቃላትን ዜማን ዝተፈልዩ ኢዮም። ንኣብነት፡ ጓይላ ናይ ሓጎስን ናይ ሰላምን ናይ ዓወትን ናይ ፈኸራን ናይ ተስፋን መግለጺ ኪኸውን ይኽእል። ናይ ናፍቖትን ናይ ጓህን ቃላትን ዜማን ከኣ ብኣኡ ማጠን ዝተፈልየ ኢዩ። እቲ ቃላትን እቲ ዜማን ባህርያዊ ሥነ-ሞጎት እንተ ተኸቲሉ፥ ሜላእኽቱ ብግቡእ ኢዩ ዜሙሓላልፍ። እቲ ቃላትን እቲ ዜማን ተደጋጊፉ፡ ዜሕልፎ ሜላእኽቲ ሓደ ስለዝኾነ፥ ንሰማዕቱ ዕግበት ይፈጥረሎም። ንኣብነት፡ ደርፍታት ብዓል ነፍሰ-ኄራን ኣተውብርሃን ሰጊድ፡ ተኽለ ተፋዝጊ፡ ጸሓይቱ በራኺ፡ የማነ ገብረሚካኤል (ባርያ)፣ መም. ኣልኣሚን ዓብደለጢፍ፣ ኣብርሃም ኣፍወርቂ፣ ከምኡውን ደርፍታት ብዓል ዶር. በረኸት መንግሥትኣብ፡ ኢ/ር ኣስገዶምወልደሚካኤል፣ ተኽለሚካኤል ገብሩ፡ ሃይለ ገብሩ፣ ሳሙኤል ብርሃነ፣ ተኽለ ክፍለማርያም (ወዲ ትኹል)፡ ዑስማን ዓብደልርሒም፡ መም.ተወልደ ረዳ፣ ወዘተርፉ፡ እንተ ርኤና፡ ኣነ ብዝፈልጦ፡ እቲ ግጥምን እቲ ዜማን ዝተወሃሃደ ሜላእኽቲ ኢዩ ዘሙሓላልፍ። መብዛሕትኡ እቲ ናይ ሓጎስ ቃላት ብናይ ታሕጓስ ዜማ (ንኣብነት ጓይላ) ኢዮም ገሊጾሞ፡ እቲ ናይ ትካዜ ቃላት ከኣ ብናይ ኣስቆርቋሮት ዜማኄሮምቀሪቦሞ፡ ናይ ፈኸራ እውን ብናቱ። መብዛሕትኡ እቲ ደርፍታቶም ከኣ ኣይምኖን ኢዩ እንተ ተባህለ ምግናን ኣይከውንን። ከመይ እንተበልና ከኣ፡ እቲ ቃልን እቲ ዜማን ብሓባር፡ ተደጋጊፎም ሓደ ሜላእኽቲ ስለ ዜሙሓላልፉ ኢዩ።

ኣብዚ ቀረባ እዋን ግን ሓደ-ሓደ ዘይልሙድ ተርእዮ ተኸሲቱ ኣሎ። ገለ ደርፍታት እንተ ርኤና፡ እቲ ግጥምን እቲ ዜማን ብፍጹም ኣይሰማምዑን ኢዩ፡፡ ዜሕልፎ ሜላእኽቲ ከኣ፡ ተጋራጫዊ ኢዩ። እቲ ግጥሚየ ሕዝነ ካን የስቆርቁረካን፡ እቲ ዜማግን በንጻሩ የሳዕስዓካ። እቲ ቀዳማይ ዜሕልፎ ሜላእኽቲ፡ እቲ ካልኣይ የፍርሶ። እቲ ቃላት፥ ናይ ሓዘን፣ ናይ ጓሂ፣ ናይ ስቓይ መግለጺ ክነ ስሱ፡ እቲ ዜማግን ብኣንጻሩ፡ ናይ ጓይላ ኢዩ። ንኣብነት፥ “ማማ ትሓሙና’ላ” እትብል ህብብቲ ደርፊ፡ ንሃገርና ኣብ ሓዘን ከምዝላ ኣነ ጺራ እተረድእ፡ ናይ ሓዘን ጸሊምክዳን ከዲና ዜቕረበት ምህዞ ክነ ሳ፡ ብዜማጓይላ እያ ተደሪፉ። ግጥሚዝብሎ ካልእ፡ ዜማዝብሎከኣ ካልእ። ብዜሕዝን ቃላት ኄርካስ ትስዕስዕ። ገለ ቃላት ካብቲ ግጥሚ ክጠቅስ፥

“ኣቱምኣሕዋት፡ ማማትሓሙና`ላ ማሞ !
ሞራሚ ኩምዎ፡ ካብመንዩ`ዩ ጸገሚ
ውሽጢውሽጢቃንዛ... ማማዘይጠዓማ
ተስፋኣ ቅሂሙ ካብተካል ውላዳ፡
ካብማሕዘላ ሞኖ ጢሉ ደቃ...
ጠዋር ኣልቦ ኮይና ...በቃ
ንሕናኸ ንፍውሳዶ`ለና፡ ንውስኸላ ሕማም?...
እህህታን ንብዓትን፡ ኣስዒቡላ ሕማም፡
ሕጅስ ተመንዩዋ፡ በዚሑምጽማም
ንብዓታሓቢስና፡ ስሌኣ ንቀንዘ
ዝተረፈ ይትረፍዋኒና ንሓዘ...
ማማትሞተና`ላ፡ ...ፈሊጥና ኣይንዕወር፡
ኣእዛና ኣይጽሙቅ
ነዊሕ ኢዩ ማዘዙ፡ ማማኽ እንተኽቲሚ..
እንተ ዘይተበጊስና፡ ማማሓውያ ማለት ኣበደን`ዩ ...”

ክእለትን ጻዕርን ደራፋይ ኣዝዩ ዝነኣድ እኳ እንተኾነ፥ ግጥምን ዜማን ግና ኣይተሰማምዔን። እዚ ግጥሚዚ ትካዜን ኣስቆርቁሮትን ብዘለዓዕል ዜማ እንተዝድረፍ ክንደይ ሙምሓረሉ!

ብተማሳሳሊ፡ “ተዛረብ” እትብል ካልእ ህብብቲ ደርፊ እንተርኤና`ውን፥ ኣብ ልዕሊ ሕዝቢ ኤርትራ ተኣዊጁ ዘሎ ሞደብ ጽንቶን፡ መወዳድርቲ ዘይርከቦ ሕሱምግፍዒን፡ ማእሰርትን መቕተልትን ተንቲና እተቕርብ፡ ብርግጽ ንዘማ-ሕግደፍ ኣነ ጺራ እተርኢ ደርፊ ኢያ። እቲ

ቃላት ናይ ሓዘንን ናይ ብኽያትን እንከሎ፥ እቲ ዜማግና ጓይላ ኢዩ። ሕጂውን ካብቲ ግጥሚ ክጠቅስ፥

``ክዛረብ`የ ጽን በሉ ዝርኤኹዎ ኣለኒ፡
ንዓይውን ብዕድል፡ ካብ ብሱል ጥረ ዘውጽኣኒ።...
ዓዲኮ ጸኒታ፡ ተሪፋ ጥራይ ዕጨእምኒ ...
መዋእሎምከርተት፡ ከየዕረፉ ኤረይ ንምኹሓላ፡
ንዘዝበልሑከጽንቱ፡ ብዓል ልቦምባላ።
ዑፈይ ብረሪ ...ዛንታ ስቓይና ንገሪ፡ ፡
ዘስካሕክሕ ኢየ ርእየ፡ ኣብ ዌዓ ኣይርስዖን ዘበት፡
ዜግነትካ ዜጽልእ መግረፍቲ ...ኣብየት!
ኣብ ክንዲ ዝሠርሔንሃገር፡ ከይሓተተ ዓስቢ
ቀለብ ቁሜል ጌሮሞኣለዉ፡ ኣብ ጉድጓድ ትራክ ቢ...
ሠራዊት ምስ ሕዝቢ ንምንቛት፡ ብሜደብ ንጽንቶ፡
ሓደ ኣብነት ኢዩ፡ ንምስክር ናይ ዓዲ ኣብየቶ፡
ኣብ ሃገር ዓጺኻ፡ ብጥይት ክኾኑ ህንኩቶ፡
ሃገር ከእትዉለ፡ ብሜደብ ዕንወት ቢትቢቶ።
ኣብየትወ ኣብየትው፡ ዓውኢልካ ዘይእው፡
ብምሒር መግረፍቲ፡ ቆርቦትና ክጣዋው፡
ክንደይ ዕሸል ኣሎቂስሉ ዝበዘው፡
ኣብየት`ው፡ ኣብየት`ው፡ ኣብየት`ወ እዋየ እዋየ ዋየ!...
ዘስካሕክሕ ማእሰርቲ ...
ዩኒቨርሲቲ ኣሥሜራ ዜስነ ቐቶምብርዓ፡
ጩፍጨፎምወዲኦ ሞምኣብ ሃሩር ናይ ዌዓ፡ ...
ኣቦታት ተሓዩሮምኣለዉኣብ ናኹራ ...።”

እዛ ግጥሚዚኣ ብሓቂ ዜብኪ ቃላት`ያ ተጻዒና ዘላ። ብናይ ኣስቆትቁሮት ዜማቀሪባ እንተ ትኽውን፡ ባህርያዊ ሥነ-ሞነት ምተኸተለት፡ ሜልእኽታ ድማብዝዓዘዘ ማሕለፈት ኔራ ዝብል እምነት ኣለኒ። ከምዚ ዝበለ ቃላት ምስ ሰሚዕካ፡ ገለ ነገር ክትገበር ኢዩ ዝድርኸካ። ኣብ ክንዲ ተስቆርቁርስ፡ እንተ ሳዕሲዕካሉ ግና፥ እቲ ሜልእኽቱ ብግቡእ ናብ ሕዝቢ ስለዘይበጽሕ ማለት ስለ ዝፈኩስ፡ ቀልጢፉ ይርሳዕ፣ ሸቶኡ ድማብግቡእ ኣይወቅዕን ኢዩ። እዘን ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስኩወን ንሚኣያ ደኣለን እምበር፡ ከምኡ ዝበለ ደርፍታት ብብዝሒ ተደሪሱ ከምዝሎእፈልጥእየ።

ናይ ከምዚ ዓይነት ደርፍታት፡ ቀንዲ ጉድለት እነ ሆልኩም፡ እቲ ግጥሚ ኣብ ሃገርና ወሪዱ ዘሎ ሚወዳድርቲ ዘይርከቦ ኣደራዕ ኣነ ጺሩ ስለዜርኢ፥ ሰብ ኬቕጥዕ፡ ኬለዓዕል ኬነ ሃህር ኢዩ ዝግባእ። ምኩሕ ኤርትራዊ፡ ነዚ ግጥሚዚ ምስ ሰምዔ፡ ተላዒሉ ስጉምቲ ንኽወስድ ኬተባብዖ ኢዩ ዝግባእ። ዜጕሂን ዜብክን ቃላት ብናይ ጓይላ ዜማእንተ ቐሪቡሉ ግን እቲ ሰሚዒ፡ ጓሂኡ ረሲዑ ከም ዝዘናጋዕ ኢዩ ዝገብሮ። ሓቂ ክንዛረብ፡ ኩላትና ኤርትራውያን ኣብ ሓዘን ኢና ዘለና። ናይ ሓዘንና መግለጺ ዝኸውን ቃላት ወቂጥናስ፡ ብኣኡ ንሳዕስዕ ክንብል ከለና ግን፡ ዝተሜዛበለ፡ ዘይንቡር ኣተሓሳስባ ንለምድ ኣለና ማለት ኢዩ። ኣደኻ ወይ ሃገርካ፡ ኣብ ኣፈርክቡ ኢያ ዘላ እናበሉኻ ኣይትስዕስዕን ኢኻ።

ኣነ ከምዝተዓዘብኩዎ፥ ገሊኡ እቲ ናይ ፍቕሪ መግለጺ ተባሂሉ ዝተደርፈ`ውን፡ ፍረ ነገሩ እንተ ሰሚዕካዮ፡ ግጥሚን ዜማን ኣይሰማምዑን ኢዩ። እቲ ግጥሚየጉህየካ፡ እቲ ዜማከኣ የሳዕስዓካ። ናፍቖት ብጓይላ ክግለጽ ኣይግባእን። ደሊኻ ዝሰኣንካዮ ነገር፡ የስቆርቁረካ ደኣምበር ኣየሳዕስዓካን ኢዩ። ንኣብነት `ኣላሚዳ ኣላሚዳ፡ ገዲፋትኒ ከይዳ` ዝብል ደርፊ ብጓይላ ክቐርብ ኣይምተገብኦን። ኣብ ሚርዓ ክድረፍ ክትሰምዖ ከለኻ ድማ ዝገደደ ይገርመካ። እቲ ግጥሚ ተስፋ ዝህብ እንተኾይኑ፡ ወይውን ምስቲ እትናፍቖ/እትናፍቓ ሰብ ከም ዝተራኸብካ ዝገልጽ እንተ ኾኦይኑ፡ ብናይ ታሕጓስ ዜማ

ክግለጽ ይከኣል። እዚ ዝንባሌ`ዚ ተማሃዪሹ፡ እቶም ደረስቲ ግጥምን ዜማን፡ ንሕዝብና ከምግቡእ ክቕልሱዎን ክኣልዩዎን እንተ ዘይክኢሎም፡ ሕዝቢ ኤርትራ ብግቡእ፡ ስሚታቱ ዝገልጸሉ ባህርያዊ ማድታት ከይስሕት ዘፍርህ ኢዩ። እዚ ከኣ ጥልቂ ዝኾነ ባህላዊን ሥነ-ልቦናውን ክሳራ ኬስዕብ ይኽእል ኢዩ ዝብል ስግኣት ኣለኒ። ስቓይና ብዓይላ ንገልጽ እንተኼንና፥ ነቲ ፖለቲካዊ ፍታሕ ደሊና ንኸዶ ዘለና ሁዕዘ`ውን ናህሩ ክንክየሉ እምበር፡ ክውስኸሉ ኣይክእልን ኢዩ ዝብል እምነት ኣለኒ።

ናይ ዓሂ ስሚቶም ብናይ ታሕዓስ ዜማ ገይሮም ዝገልጹ ሕብረተሰብ፡ ምናልባት ንበይንና ከይንኸውን የጠራጥር።

እዚ ኩሉ ሕንፍሽፍሽ ከኣ፡ ብሰንኪ እቲ መንግሥቲ ኤርትራ ንነዊሕ ዝሠርሓሉ ግጉይ ሜላታት ዝተፈጥረ ምዝንባዕ ከምዝኸውን ሞጎተ ኣየድልዮን። ከምቲ ንቡርስ፡ ኤርትራውያት ኣደታት፡ ደቀን ምስ ሞቱወን ይበኽያ ኢየን። ኣብ ዓለም ምሉእ ዘለዋ ኣደታት`ውን ከምኡ ኢየን ዝገብራ። መንግሥቲ ሕግደፍ ግን፡ `ኣብ ሞርድእ ደቅኽን ዓልላ` ዝብል ጉዳም ዝኾነ ጸቕጢጌሩለን ኢዩ። ብጸትኩም ቀቢርኩምስ ዓይላ ጌርኩም ሳዕስዑ፡ ክበሃል ከሎ`ኮ ካብ ባኅርይ ደቂ ሰብ ወጻኢ ምግባር ማለት ኢዩ። ማስዋእቲ፡ ከም `ግቡእካ ምፍጻም` ኮይኑ ዝቐረበሉ ግዜ`ውን ኔሩ ኢዩ። ከምቲ ንቡር፡ ወይ ብብኽያት ወይ ብምቑዛምን ብኣስቆርቋሮትን ክግለጽ ኢዩ ዝግባእ። ናይ ዓሂ ስሚት በቲ ተፈጥሮኣዊ መግለጺኡ እንተ ዘይተገሊጹ፡ ሥነ-ኣእሞሮኣዊ ጸገም ክፈጥር ከምዝኽእል ኣየጠራጥርን። ኣብዚ ቀረባ እዋን፡ ሓንቲ ናይ ሥነ-ልቦና ተመራማሪት ዝበላኦ ስምዑ፥ `ኤርትራውያን ኣሉታዊ ስሚታቶምካብ ምግላጹስ፡ ክሓብኡዎ ኢዩ ዚቐሎም ኢለን። እዚ ዝንባሌ`ዚ ካብቲ መንግሥቲ ኤርትራ ዜተኣታተዎ ዝምጡዕ ኣተሓሳስባ ከይከውን ዝብል ግምት ኣለኒ። ደይመደይ ኢልካ፡ ባህሊ ሃገር ንምብላል ዝግበር ከይከውን ዝሰግኡ ኣይተሳእኑን። ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ጀሚሮም መናእሰይ ኤርትራውያን ርእሰ-ቅትለት ክገብሩ ከምዝጸንሑ ዝፍለጥ ኢዩ (እዚ ኣርእስቲ`ዚ ግን ንኻልእ መዓልቲ።)

ኣብ መደምደምታ፥ ሥነ-ጥበባውያን፡ ደረፍቲ ሃገርና፡ ናይ ትካዜን ናይ ኣስቆርቋሮትን ዜማታት ተጠቂሞም ከሕሉልፉዎ ዝግባእ ዝነበረ ሜእኽቲ፥ ብዓይላ ጌሮም ከቕርቡልና ጀሚሮምስለዘለዉ፡ እቲ ሜእኽቶም ከምንቡር ሸቶኡ ኣይወቅዕን ኣሎ። ስለዚ፡ ግጥምን ዜማን ተወሃሂዶም፡ ሓደ ሜእኽቲ ማታን ከሕሉልፉን፡ ንሕብረተሰቦም ድማ ኬዕግቡን ኪቕልሱን ኪምህሩን ማታን ክበቕዑ፡ ከምቲ ንቡር፡ ናይ ሓጎስን ናይ ሓዘንን ዜማታት ኣብ ግቡኡ ክጥቀማሉ ብትሕትና እላበዎም። ከምኡ እንተ ጌሮም፡ ሰሚዕቲ ክዓግቡ ኢዮም። እቲ ሥራሖምድማንነዊሕ ከይተመንወክነ ብረሎምይኽእል ኢዩ ዝብል እምነት ኣለኒ።

እዞምዝተጠቕሱ ደረፍቲ ይኹኑ ካልኦት፡ ኣብቲ እንገብሮ ዘለና ሃገራዊ ቃልሲ ዜበርከቱዎ እጃም ልዑል ኣኽብሮትን ኣድናቖትን ኣለኒ። ጻዕሮምን፡ ተወፋዪነቶምን ትብዓቶምን `ዲንቂ!` ዜብል ኢዩ። ቁሩብ ዝጎደለ ነገር ኣመራርዮምክቕጽሉዎ ኣምሕጸኖም። ንኹላቶም ነቶም ብትብዓት፡ ንመንግሥቲ-ጽንቶ ዝበድሁ ሥነ-ጥበባውያን ዜጋታት ብዘይኣፈላላይ፡ ዝለዓለ ክብሪን ምትብባዕን ይግባኦም።

ለቡ፥ ነዚ ኣብ ላዕሊ ገሊጸዮ ዘለኹ ሓሳብ ዜራጉድ፥ ነባር ተቓላሳይን ደራሳይን ዝኾኑ፡ ኣቶ ረድኢ ክፍለ (ባሻይ) ዘሕላለፉዎ ሜእኽቲ ክትሰምዑ እንተደሊኹም፡ ኣብዚ ጠውቑ።
https://www.togoruba.org/togoruba1964/mainTogorubamap/mainMap/headingMap/2019/0312RB9-02AUT.WAV

ብሩኽ ሓዲሽ ዓመት

**ሃብቶምገብረ**

01 ጥሪ 2020 ዓ.ም.ፈ.